# ባህርይ ክርስቶስ

## ብፓትሪያርክ ሺኖዳ ሣልሳይ

ትርጉም
ብ
ዶ/ር ሽሞንዲ ኃይለ

**ዋሽንግተን ዲሲ ሰሜን ኣሜሪካ**
**2001**

## ምዕራፍ ፫

## ባህርይ ተዋህዶነት

***ውህደት ብዘይ ምትሕንፋጽ፡ ምድቓል፡ ምቅይያር፡ ምልውዋጥ፡ ምድብላኽ።***

"ሓደ ባህርይ" ክንብል እንክሎና፡ ሓቀኛ ሕብረት ወይ ውህደት ማለትና እዩ። እዚ ማለት ስገም-ስርናይ ከም ዝተሓናፈጽ፡ ወይ ከም ለሚኒ-ብርቱኳን ዝዳቐል እሞ ተዳቒሉ ናርገ ዚፈሪ፡ ወይ ከም ማይን-ወይንን ዚዝረር እሞ፡ ምስ ተዘረረ ድማ ካልእ ዚስተ ዘጥሪ፡ ወይ ሻሂ-ጸባ ዝደባለኽ፡ ኣይኮነን። ወይውን ከምቲ ካርቦን ዳዮክሳይድን ካርቦን ኦክስጅን ምስ ዚሓብሩ፡ እሞ እቲ ዝነበሮም ባህርያዊ ትሕዝቶኦም ኣጥፊኦም፡ ናብ ካልእ ባህርያት ዝልወጡውን ኣይኰነን።

ብኣንጻር እዚ ኹሉ፡ በቲ ኣብ መለኮትን ሰብን ዝተገብረ ውህደት፡ ብመሰረት ዚነበሮም ዝተፈላለየ ባህርያት፡ ኣብ ሓደ ምስ ኰኑ፡ ፈጺሙ ኣይተለዋወጠን። ኣብ መንጎ እዞም ክልተ ባህርያት እዚኣቶም፡ ውህደት ብዘይ ምቅይያር እዩ ዝተፈጸመ። እዚ ስለ ዝኾነ ከኣ፡ እቲ መለኮታዊ ባህርይ፡ ናብ ሰብኣዊ ባህርይ ኣይተለወጠን። ከምኡ ድማ እቲ ሰብኣዊ ባህርይ ናብ መለኮታዊ ባህርይ ኣይተለወጠን። ምኽንያቱ ከኣ፡ እቲ መለኮታዊ ባህርይ ምስ ባህርይ ሰብ ኣይጸናበርን ኣይተሓዋውሱን ኣይደባለኽንውን። እንተኾነ፡ ብውህደት ክልቲኦም ግና፡ ሓድነት ተረኽበ።

## 1. ምሳሌ ውህደት ሓውን ሓጺንን

ውሩያት መምህራን ቅዱስ ጨርሎስ ዓቢይን፣ ቅዱስ ዲዮስቆሮስን ንውህደት ሥጋን ምለኮትን ብኸምዚ ዚስዕብ ገይሮም ይምስልዎ። ንሓጺን ኣብ ሓዊ ኣትዩ ረሲኑ ምስ ረኣናዮ፣ ወይለይ ሓውን ሓጺንን እምበር ክልተ ባህርያት ኮይኖም ኣይንብልን። እንታይ ድኣ፣ እዚ ሓጺንሲ ብሓዊ ረሲኑ ኢና ንብል። ብተመሳሳሊ መገዲ ድማ፣ ንሕና ንባህርያት ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ እቲ ሥጋ ዚለበሰ ወዲ ኣምላኽ ድኣ ኢና እንብሎ እምበር፣ ኣምላኽን ሰብን ኣይንብሎን። ምኽንያቱ እቲ ሓጺን ኣብ ሓዊ ኣትዩ ምስ ረሰነ፣ እቲ ሓጺን ናብቲ ሓዊ ተለዊጡ ማለት ኣይኮነን። ወይውን ብኣንጻሩ እቲ ሓዊ ናብ ሓጺን ተለዊጡ ማለት ኣይኮነን። እንታይ ድኣ፣ እቲ ሓደ ናብቲ ሓደ ከይተለወጠን ከይተጻናበረን ተወኻሂዱ ኢና እንርእዩ። ርግጽ እዩ፣ እቲ ኣብ መንጎ ሓጺንን ሓውን ዘሎ ትሕዝቶ ጊዝያዊ እኳ እንተ ኾነ። ምናልባት፣ ነቲ ነባሪ ዝኾነ ናይ ክልተ ባህርያት ትሕዝቶ፣ ናብ ሓደ ሓቀኛ ትርጉም ዘለዎ ቅርጺ ንምምጻእ ኪሕግዝ ይኽእል ይኸውን። ከመይሲ፣ እቲ ሓጺን ብሓዊ ምስ ረሰነ፣ ነቲ ንብረት ሓጺንን ንብረት ሓውን ብሓደ ዓቂቡዎ ስለ ዝእየና። ከምኡውን እቲ ሥጋ ዚለበሰ ሎጎስ፣ ነቲ መለኮታዊ ባህርይን፣ ነቲ ሰብኣዊ ባህርይን ብሓደ ባህርይ፣ ዓቂብ የርእየና።

## 2. ምሳሌ ውህደት ነፍስን ሥጋን

ምሳሌ ውህደት ነፍስን ሥጋን፣ ብቅዱስ ጨርሎስ ዓቢይን ብቅዱስ ኣውጉስጢንን ዝተመለሰ ኰይኑ፣ ከምኡውን ሓያሎ ኣበውን ዘመናውያን መምህራን ዝጥቀሙሉ ምሳሌ እዩ።

ኣብዚ ምሳሌ እዚ፣ ባህርያት ነፍሲ፣ ምስቲ ካብ ምድሪ ዝተረኽበ ሥጋዊ ኣካላዊ ባህርይ፣ ክልተ ዝተፈላለዩ ባህርያት ክነሶም፣ ከመይ ገይሮም ውህደት ከም ዝፈጠሩ፣ እሞ ሓደ ዝባህሩ ሰብ ከም ዘቕሙ ኢና ንርኢ።

እዚ ውኑድ ኣካላዊ ባህርይ እዚ፣ ነቲ ግዙፍ ኣካላዊ (ሥጋዊ) በይኑ ወይውን ነቲ ነፍሳዊ ጥራይ ዘጠቓልል ኣይኮነን። እንታይ ድኣ ንኽልቲኦም ባህርያት ብሓባር ብዘይ ምትሕውዋስ፣ ብዘይ ምትሕንፋጽ፣ ብዘይ ምድብላቕ፣ ብዘይ ምቅይያር ባህርይ፣ ሓደ ሰብ ይኾኑ። ብምኽንያት ውህደት ክልቲኦም፣

ሥጋ ናብ ነፍሳዊ ባህርይ፡ ነፍሳዊ ባህርይ ድማ ናብ ሥጋዊ ባህርይ ኣይለዋወጡን። ብውህደት ክልቲኦም ግና፡ ሓደ ምሉእ ህላውነት ዘለዎ ሰብ የቘሙ። ስለዚ፡ ንሓደ ሰብ ክንርእዮ እንከሎና፡ እዚ ሰብ እዚ፡ ሓደ ባህርይ ዘለዎ ድኣ ንብሎ እምበር፡ ክልተ ባህርይ ዘለዎ ኢዩ ኢልና ኣይነመልክትን።

እምብኣርከስ፡ ነቲ ኣብ ነፍስን ሥጋን ዘሎ ሓባራዊ ውህደት ተረዲእናዮን ተቐቢናዮን፡ እንተዳ ኾይና፡ ነቲ ኣብ መንነ መለኮታውን ሥጋውን ዘሎ ውኑድ ባህርያት ክርስቶስ ዘይንቕበለሉ፡ እንታይ ምኽንያት ክህልወና ይኽእል።

እስከ ተመሊስና ንሓደ ባህርይን ንኽልተ ባህርይን ብዝምልከት ካልእ ሕቶ ነልዕል። ሓደ ሰብ፡ ቅድሚ ብነፍስን ብሥጋን ሓደ ምኻኑ፡ ክልተ ባህርያት ከም ዝነበረ፡ ጌርና እንተድኣ ተረዳዲእና፡ እቶም ኣብ ክርስቶስ መለኮትን ሥጋን፡ ክልተ ባህርያት ኣሎ ኢሎም ዚኣምኑ ግና፡ ነቲ ኣብ ክርስቶስ ዘሎ ክልተ ባህርያት ማለት፡ ነፍስን ኣካልን ኣየልዕሉን። እንታይ ድኣ ይብሉ፡ ንኣካልን ነፍስን ሓደ ገይሮም ይቖጽርዎም። እንተኾነ፡ ኣብ ዝርዝር ምስ እንኣቱ ግና፡ ክርስቶስ ሰለስተ ባህርያት ከም ዘለዎ ኢና እንርኢ። እሳቶም ድማ መለኮታውነትን ነፍሳውነትን ኣካላውነትን እዮም። እዚኣቶም ሰለስቲኦም ነናቶም ዝተፈላለየ እንታይነት ዘለዎም እዮም። እዚ ክንብል እንከሎና ግና፡ እዚ ንኣብነት ድኣ ንጠቕሶ ኣሎና እምበር፡ ብሓቂ ብወገን ክልቴና ተቐባልነት ስለ ዘልዎ ኣይኮነን።

ካብ ጉይይ ምውዓል ክሳድ ምሓዝ ከም ዝተባህለ ከኣ፡ ነፍስን ኣካልን ክርስቶስ ዘይነጻጸል እዩ ኢልና፡ እሞ ድማ ብመገዲ ትምህርቲ ስነ መለኮት እንተ ተጠቒምና፡ ክርስቶስ ሓደ ባህርይ እዩ ክንብል ወይ ከኣ እቲ ሥጋ ዝኾነ ቃል፡ ሓደ ባህርይ ኮነ፡ ኪንብል ዚቐለለ ይኾነልና። ምኽንያቱ፡ ንሓደ ሰብ ካብ ክልተ ባህርያት ኢዩ ማለት፡ ብሥጋን ነፍስን ዝቖመ፡ ሓደ ባህርይ ኢዩ ኢልና ንጽውዖ ኣሎና። ከምኡውን ንክርስቶስ ካብ ክልተ ባህርይ ዝትረኽበ ማለት፡ ካብ ቃልን ሥጋን ዝተርበ፡ ሓደ ውህደት ዘለዎ ክርስቶስ ተረኽበ ምባል ዝቐለለ ይኸውን።

መለኮታዊ ባህርይ፡ ካብ ሰብኣዊ ባህርይ ይፍለ እዩ ቢልና እንተድኣ ኣሚንና ግና፡ እቲ ሕቶ፡ ኣሞ ከመይ ኢሎም ድኣ ይሓብሩ? ኢልካ ኪሕተት ይኽኣል። እቲ ዝቐለለ መልሲ ኾኣ፡ ከምቲ ባህርይ ነፍሲ ካብ ባህርይ ሥጋ ዚፍለ፡ ግናኸ ከምቲ ብውህደት ክልቲኦም፡ ሓደ ዝባህርያቱ ሰብ ዘቘሙ እዩ።

ምኽንያቱ ዋላኳ ሰብ ካብዞም ክልተ ባህርያት እዚኣቶም ዝቐመ እንተ ኾነ፡ ንሓደ ሰብ ክልተ ባህርያት ኣሎዎ ኪንብል ኣይኽእልን። ከመይሲ፡ ከምቲ ሓደ ዝረብሖ ሓደ ውጽኢቱ ድማ ይኸውን ሓደ ዝኾነ፡ ከምኡ ከኣ ንሓደ ሰብ፡ ሓደ ሰብ ድኣ ንብሎ እምበር፡ ክልተ ክንብሎስ ኣይቁንዕን፡ ኣይከኣልንውን። ምኽንያቱ ንነፍሲ ጥራይ እንተ ጸዋዕና፡ ሥጋ ንበይና ኪትተርፍ እያ። ንሥጋ ጥራይ እንተ ጸዋዕና ከምኡ፡ ነፍሲ ንበይና ኪትተርፍ ኢያ። ስለዚ፡ እቲ ዝቐለለን ዝተማልኤን መጸውዒ፡ ንሓደ ሰብ፡ ሓደ ሰብ ቢልና ክንጽውዖ ከሎና እዩ።

## ተውሳኺ ዓቢ ኣብነት

ሓደ ሰብ ምስ ዚጠሚ፡ ምስ ዚሓምምን ምስ ዚድቅስን፡ እቲ ሥጋኡ ጠመየ፡ ሥጋኡ ደቀሰ፡ ሥጋኡ ሓመመ እሞ ተቐንዘወ ዲና እንብል፡ ወይስ ሥጋኡን ነፍሱን ከም ሓደ ሰብ ኣጣሚርና፡ እከለ እምበር ጠምዩ፡ ደቂሱ፡ ሓሚሙ ይቕንዞ ኣሎ ኢና እንብል። በዚ እንተድኣ ተረዳዲእና ድኣ፡ ከመቢሉ እዩ ኣብ ክርስቶስ በጺሑ ዝተፈልየ ዝኸውን? እምበኣር፡ ንዓና እቲ ዝቐለለ "ክርስቶስ ጠመየ፡ ተሳቐየ፡ ተሰቕለ፡ ሞተ፡ ካብ ሙታን ተንሥኤ" ክንብል እንከሎና ድዩስ፡ ወይስ "ሥጋ ክርስቶስ ጠመየ። ሥጋ ክርስቶስ ተሰቕለን ሞተን" ወዘተ... ምባል እዩ ዝቐለለ። በቲ ሓደ ሸነኹ ብዛዕባ ነፍሱ እንተድኣ ረኤና ድማ፡ ነፍሲ ክርስቶስ ጎሃየት፡ ነፍሲ ክርስቶስ ተሓጎሰት ኪንብል እናኽኣልና፡ ከምኡውን ብዛዕባ መለኮቱ፡ ክርስቶስ ተኣምራት ኣርኣየ፡ ሙታን ኣተንሥኤ፡ ንሠማይ ዓርገ፡ ዳግማይ ክምለስ እዩ ምባል፡ እቲ ዝሓሸ ይኸውን።

ባዕሉ መጽሓፍ ቅዱስ ከም ዝሕብሮ ድማ፡ ክርስቶስ ተወልደ፡ ተኣምራት ኣርኣየ፡ ክርስቶስ ተሳቐየ፡ ተሰቕለ፡ ሞተ፡ ተንሥኤ ወዘተ... እናበልና ክርስቶስ ብመለኮቱን ብነፍሱን ብሥጋኡን ሓደን ዝተወኃኃደን ምንባሩን ምኻኑን ጥራይ እዩ ዝምህረና።